በብመዓልቱ ለህይወት

# 4ተ ብርክታት ኤች ኣይ ቪ



## መደብ መእሙነይ

መደብ መእሙነይ ኣብ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ዘለዎም ወገናት ሕሉፍ ተሞክሮ ህይወቶም ዘካፍሉሉ መደብ እዩ፡፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝመሓላለፈሉም ጣብያታት፡፡

- ኤፍ ኤም መቐለ 104.4
  ቀዳም ንጉሆ 1:30-1:50
  ሰሉስ ምሸት 1:30-1:50 ሰዓት/ይድገም/
- ድምፂ ወያነ ትግራይ
  ሰንበት- ንጉሆ ካብ 3:25-3፥45
- ሸገር ኤፍ ኤም 102.1 /ብኣምሓርኛ-ቤተኛ/
  ዓርቢ ድሕሪ ቀትሪ ካብ ሰዓት 8:30-9:00
  ሶኒ ምሸት 2:10-2:40 /ይድገም/
- መራኽቢ ሓፋሽ ሬድዮ ኣምሓራ /ብኣምሓርኛ-ቤተኛ/
  ቀዳም ንጉሆ ካብ ሰዓት 1:10 ጀሚሩ
- ባህርዳር ኤፍኤም 96.9
  ሰሉስ ድሕሪ ቀትሪ ካብ ሰዓት 8:00-8:20
- ድምፂ ደቡብ ኣዋሳ ኤፍ ኤም 100.9
  ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ 8:05-8:35 ሰዓት
  ሮቡዕ ድሕሪ ቐትሪ 8:05 /ይድገም/
- ራድዮ ኦሮሚያ /ብኦሮምኛ-ኣንቴ/
  ቀዳም ምሸት 12:08-12:28 ጀሚሩ
  ብድጋሚ ሰሉስ ንጉሆ 12:38-12:58 /ይድገም

## 952 ወገን ኤድስ ቶክላይን

- “ወገን ኤድስ ቶክላይን” ኣብ ኤች ኣይ ቪ ኤድስ፣ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ሕማም ቲቢን ኣመልኪቱ ብስልኪ ኣቢሉ ምሽጥራዊነቱ ኣዝዩ ዝተሓለወ ማእኸል መውሃቢ ግልጋሎት ምኽሪ፡፡
- ተጠቀምቲ እዚ ግልጋሎት ዝኾኑ፦ ይኹን መስመር ስልኪ ዘለዎም ከባቢታ ሃገርና/ክልል፣ ዞባ፣ ወረዳ፣ ቀበሌ፣ ከተማን ገጠርን/ይሓውስ
- ሰዓት ስራሕ፦ ኩሉ ግዘ ካብ ሰኑይ ክሳብ ቀዳም ካብ ንጉሆ 2:00 ጀሚሩ እስካዕ ፍርቂ ለይቲ ሰዓት 6:00
- ቋንቋታት ስራሕ፦ ኣምሓርኛ፣ ኦሮምኛ፣ ትግርኛ፣ ዓፋርኛ፣ ከምኡ ውን ካልኦት ቋንቋታት ውሽጢ ዓዲ
- ካብ ስሩዕ፦ ስልኪ ካብ ሞባይል ከምኡ'ውን ብናይ ህዝቢ ስልኪ ብምጥቃም 952 ካብ ክፍሊት ነፃ ደውሉልና ፡፡

The leaflet was supported by cooperative Agreement Number U62/CCU320181-01 from CDC. Its contents are solely the responsibility of the authors and do not necessarily represent the official views of CDC.

ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድልዩዎም
በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክረኽቡና ይኽእሉ እዮም፡፡
ማእኸል ሓበሬታ ኤድስ
ደምበል ሲቲ ሴንተር
9ይ ወይ ድማ 10ይ ደብሪ
ቁ.ፓ.ሳ. 26171 ኮድ 1000
ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ
ቁ.ስልኪ፦ 011-550 -35- 84
ፋክስ፦ 011-550 -37 -49
ኢሜይል፦ arc@etharc.org
መርበብ ሓበሬታ፦ WWW.etharc.org

## ቀዳማይ ብርኪ

### ኤች ኣይ ቪ ዝሕበአሉ ወቕቲ

ሓደ ሰብ  ን ኤች ኣይ ቪ ሓደ ግዘ ምስተቓለዐ በዛዕበ ኤች ኣይ ቪ ፖዘቲብ ምኻኑን ዘይምኻኑን ንምፍላጥ ኣስታት 12 ሰሙናት ክሳብ ዝበፅሕ ክፅበ ኣለዎ። እቲ ምንታይ ኣካልና ናብ ደም ውሽጢ ንዛኣተው ኤች ኣይ ቪ ቫይረስ ምክልኻል ዝፃፍዑ ተኸላኸልቲ ሕማም (ፃዕዳ ዋህዬ ደም) ከፈልፍል 12 ሰሙናት ስለዝወስድ እዩ። እዚ 12 ሰሙናት ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደም ውሽጢ ተሓቢኡ(ተሰዊሩ) ዝፀንሐሉ እዋን ተባሂሉ ይፅዋዕ። ስለዚ ብዚ ዓይነት ሓዱሽ ዘተታሓዙ ወድሰብ ከም ሰዓል ዝመሰል ናይ ምሕማም ስምዒት ምልክታት ክረአዩ ይኽእሉ እዮም።

ንኤች ኣይ ቪ ድሕሪ ምቅላዕኹም 12 ሰሙን ከይሓለፈ ምርመራ ጌርኩም ውፅኢት ምርመራ ነገቲቭ /ነፃ/ ዋላኳ እንተኾነ እዚ ንሰባት ኣብ ውሽጢ ደሞም ኤች ኣይ ቪ ቫይረስ ንዘይምህላው መረጋገፂ ኣይኮነን።

ምስ ኤች ኣይ ቪ ዝዋግኡ ሕማም ተኸላኸልቲ ዋሃዮታት ኣብ ኣካል ውሽጢ እንተተረኺበም ውፅኢት ምርመራ ፖዘቲቭ ይኸውን። እቶም ህዋሳት  ኣብ ኣካል ውሽጢ እንተዘይተረኺቦም ውፅኢት ምርመራ ነገቲቭ /ነፃ/ ይኸውን። ሓደ ሰብ ነቲ ቫይረስ ምስተቓለዐ 12 ሰሙናት ከይመለአ ተመርሚሩ ውፅኢቱ ነገቲቭ እንተኾይኑ እንደገና ድሕሪ 12 ሰሙናት ደጊሙ ምርመራ ክገብር ኣለዎ።

## ካልኣይ ብርኪ

### ተበለፅቲ ሕማማት ዘይረኣዩሉ ወቕቲ

ሓደ ሰብ ንቲ ቫይረስ ምስተቓለዐ ኤች ኣይ ቪ ዝሕበአሉ እዋን 12 ሰሙናት ዋላኳ እንተሓለፈ ዋላ ሓንቲ ናይ ሕማም ምልክት ከየርኣየ ጥዑይ ኮይኑ ንውሱን ዓመታት ክፀንሕ ይኽእል ‘ዩ። ኣብዚ ግዘ እዚ ንቲ ቫይረስ ዝተቃለዐ ሰብ ሙሉእ ጥዕና እንዳተሰመየ ከምኡውን ከምቀደሙ ሰርሑ ክሰርሕ ይኽለዐእል። ዋላ ሓደ ናይ ምሕማም ምልክት ከይተረኣዮ ወይ ከዓ ሓል ሓሊፍ ምሕማም፣ ኣብ ከባቢ ፅፍሪ ምቑሳል ምልክት ከርኢ ይኽእል ዩ።

ኣብዚ ወቕቲ እዚ እንተነኣሰ ንሕዲተይ ኣዋርሕ እንተበዚሑ ድማ ን12 ዓመታት ዝኣክል ክፀንሕ ይኽእል። ናይ ግዘ ፃንሒት ምንዋሕን ምሕፃርን ኣብቲ/ታ ውልቀ ሰብ ዝህሉ ኣጠቓላሊ ኩነታት ጥዕናን ንቲ ቫይረስ ድሕሪ ምቅላዕ ካብኡ ንደሓር ድማ ብጥንቃቐ ዓርሱ/ሳ ኣብ ምሕላው ብዘሎ ኹነት ይውስኖ እዩ።

## ሳልሳይ ብርኪ

### ተበለፅቲ ሕማማት ዝረአዩሉ ወቕቲ

ሕማም አካል ናይ ምፅዋር ዓቕሙ እንዳተዳከመ ብዝኸደ ቑፅሪ እቲ ወልቀ ሰብ ተበለፅቲ ንዝበሃሉ ሕማማት ይቃላዕ። ኣካልና ዝፃወሮም ሕማማት አለው። ኾይኑ ግና ኣካልና ብኤች ኣይ ቪ ክዳኸም ከሎ በዞም ተበለፅቲ ሕማማት ብቐሊሉ ይጥቃዕ እዩ። ካብ ሞንጎ ኣብዝሓ ዝፍለጡ ተዳበልቲ ሕማማት ገለገሊኦም ከም ሕማም ሳምቡእ /ቲቢ/፣ መንቀርሳ ኣፍ ምቑሳልን ‹‹ኣልማዝ ባለጭራ››ን ዝኣመሰሉ ይርከቡዎም።

## ራብዓይ ብርኪ

### ንኤድስ ዝሕብሩ ሕማማት ዘንን ፈሉ ወቕቲ

ኤች ኣይ ቪ እናተጠናኸረ ክኸድ እንተሎን ዓቕሚ ሕማም ምክልኻል  እናጥቀዐ ምስ ከደ ንቲ ቫይረስ ዝተቓለዐ ሰብ ቐስ ብቐስ እንዳተዳኸመ ይኸድ እሞ ናብ ተቓላዒ ኤድስ ምኻን ይሰግር።

ኤድስ፡- ኤች ኣይ ቪ ኣብ ደሞም ንዝርከብ ሰባት ዘቃልዐ ሕማማት እኩብ እዩ። ሓደ ሰብ ብበዓል ሞያ ጥዕና ምርመራ ተገይሩሉ ናይ ኤድስ ተጠቃዒ ኾይኑ ተረኺቡ ማለት ሽዑ ንሽዑ ይመውት ‘ዩ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብዙሓት ሰባት ብኤድስ ተጠቃዕቲ ምኳኖም ምስተረጋገፀ ብድሕሪኡ ንብዙሕ ዓመታት ምንባር ኪኢሎም እዮም።

ሕክምና ፀረ ኤች ኣይ ቪ መድሓኒት ብኣሽሓት ንዝቑፀሩ አብደሞም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ንዝለዎም ክፍሊ ሕብረተሰብ ዕድመ ንምንዋሕ ጠቒሙዎም ‘ዩ። ንመብዛሕትኦም ወገናት ተዳበልቲ ሕማማትን ጐዳእቲ ሕማማትን ምክልኻል ኢሉ ውን ምሕካም ተኻኢሉ እዩ።